| ዕድመ | ምስ ዕድመ ዝረአዩ ባህርያት ወጽ ምዕባለ | ዘስዕቦ ሳዕቤናት | ከበድቲ ሓደጋታት | ከበድቲ ሓደጋታት |
|---|---|---|---|---|
| ካብ ቀዳማይ ሰሙን ክሳብ 1 ወርሒ |  | ምውዳቕ | • ካብ ዓራት፣ ካብ ሚዛን፣ መቀየሪ ጣዉላ፣ ሳሎን | • ንህጻን ኣብ መቐየሪ ጣዉላ ንበይኑ ምግዳፍ ኣይግባእን<br>• ብኽልተ ጎኒ መከላኸሊ ዘለዎ መቀየሪ ጣዉላ ምጥቃም ወይ ከኣ ኣብ ምድሪ ኣንጺፍካ ምጥቃም |
|  |  | ምንዳድ | •ኣዝዩ ዝረሰነ መስተዩ( ጥጦ) ፣ ዉዑይ ማይ፣ ዉዑይ ማይ መሕጸቢ ነብሲ | • ሙቐት ናይ መስተዩ ጥጦ ትሕቲ 50°c ክኸዉን ይግባእ፣ ናይ መሕጸቢ ነብሲ ማይ ምቐቱ ንምፍላጥ ብ ብኩርናዕ ኢድካ ምፍታን ኣገዳሲ እዩ፣ ናይ ኩሉ ፈሳሲ ምቐት ቅድሚ ምጥቃምካ ብ ኪድካ ምፍታን። |
|  |  | ምጥሓል | • ኣብ ማይ ዝመልኣ መሕጸቢ ነብሲ | • ክሕጸቡ ከለዉ ናይ ሕቖ መደገፊ ምጥቃም ወይ ብኢድካ ምድጋፍ<br>• ህጻን ኣብ መሕጸቢ ማይ ንበይኑ ክግደፍ ፈጺሙ ኣይግባእን ። |
| ካብ 2 ወርሒ ክሳብ 3 ወርሒ | •ምግልባጥ<br>•ናብ ክልቲኡ ጎንታት ምግልባጥ | ሕጽረት ትንፋስ | • ገመድ ናይ ኤለትሪክ ፣ሰንሰለት ናይ ክሳድ፣ ናይ ዓራት ርብራባት፣ ብዙሕ ጨርቂ፣ ሰናቲምን፣ ደቀቕቲ ነገራትን። | • ናይ ኤለትሪክ ገመዳት ምርሓቕ፣ ናይ ዓራት ክፍተት እንተወሓደ ፍልልዩ 7.5 ሴንቲ ሜትሮ ክከዉን፣ መተርኣስ ዘይምጥቃም፣ ከምኡዉን እንስሳታት ክህልዉ የብሎምን፣ |
|  |  | መኪና | • ምዉዳቕ ካብ ኮፍ መበሊ ናይ ማኪና ብሰንኪ ብጉቡእ ዘይምኣሳርን ምስ ዕድሚኦን ክብደቶምን ዘይከይድ ኮፍ መበሊ ምጥቃም | • እቲ ናይ ቆልኣ መቐመጢ ኣብ ቅድሚት ኮፍ መበሊ ናይ ማኪና ኪቕመጥ ኣይግባእን<br>• ናይ ቆልኣ ኮፍ መበሊ ምስ ዕድሚኡን ምስ ክብደቱን ዝመጣጠን ክኸዉን ይግባእ<br>• እቲ ህጻነት ንብሕቱ ኣብ መኪና ኣይትግደፉ |
| ካብ 4 ወርሒ ክሳብ 6 ወሒ | •ኣብ ቀረባኻ ዘሎ ኩሉ ምሓዝ<br>• ናብ ኣፍ ምእታው<br>• ካብ ሕቆ ናብ ከብዲ ምግልባጥ | ምውዳቕ | • መቀየሪ ጣዊላ፣ ጂሮሎ፣ ኣቑሑ ገዛ፣ ዓራት፣ በሪኽ ወንበር | • መከላኸሊ ማዕጾ ኣብ ደረጃታትት ምጥቃም፣ ኣብ ጅሮሎን ካልእን ብግቡእ ምእሳር፣መከላኸሊ ናይ ጠረጴዛ ኩርናዓት ምጥቃም |
|  |  | ምንዳድ | • ዉዑይ ማይ ቡንባታት፣ጨርቂ መሸፈኒ ጣውላ፣ዉዑይ መሕጸቢ ማይ ፣ ውዕይ ፈሳሲ ኣብ ናይ ቡን ጣውላ፣ ናይ ፎርኖ ማዕጾ። | • መትሃዚ ፈሳሲ ወይ ጥጦ ሙቐቱ ትሕቲ 50c ክኸዉን ኣለዎ፣<br>• ቅድሚ ውዑይ ማይ ዝሑል ማይ ምኽፋት። |
|  |  | ምጥሓል | • መሕጸቢ፣ መሐንበሲ፣ቀላይ፣ ባሕሪ። ወዘተ......... | • ካብ ማይ ዝመልኣ መትሓዚ ክንጥንቀቕ ይግባእ፣ መደገፊ ሕቆ ምጥቃም፣ ን ህጻን ኣብ መሕጸቢ ን በይኑ ዘይምግዳፍ ወላ ዉን እቲ ማይ ብዙሕ ኣይኹን። |
|  |  | ሕጽረት ትንፋስ | • ኣብ ክሳድ ከባቢ ዘሎ ሰንሰለት፣ ገመድ ናይ ኤለክትሪክ፣ ፕላስቲክ | • እዞም ዝተጠቕሱ ካብ ከባቢ ህጻናት ምርሓቕ፣ኣብ ኢዶም ዝሕዝዎም ነገራት ብቀሊሉ ኣብ ኣፍ ዛኣቱ ክከዉን የብሉን ዕብይ ዝበለ ክከዉን ኣለዎ። |
| ካብ 9 ወርሒ ክሳብ 12 ወርሒ | • ብሓገዝ ጠጠው ምባል<br>• ብዘይ ሓገዝ ኮፍ ምባል<br>• ደቀቅቲ ነገራት ምሓዝ ምኽኣል<br>• ምጥንቃቅ ወይ ምፍራሕ ካብ ነገራት<br>• ንኩሉ ምትንካፍ<br>• ቦታ ምልዋጥ: ኮፍ ምባል፣ ኣብ ኩሎም ኣርባዕተ፣ ጠጠው ምባል | ዘስክር | • ኣብ ናይ ገዛና ጣዉላ ከም ኣልኮል፣ መድሓኒታት፣ ናይ ጽሬት ንቅቀመሎም ፈሰስቲ፣ ፈውሲ ሓሳኹ፣ መርዛማት ኣትክልቲ ፣ ምጥቃም | • እዞም ዝተጠቕሱ ነገራት ካብ ህጻናት ዘርክብዎ ከባቢ ኣዚካ ምርሓቕ። |
|  |  | ናይ ደገ ካብ ዝርከቡ | • ደቀቅቲ ነገራት(መልጎማት፣ መሳምር፣ መጻወቲ ኣቅሑት)፣ ንእሽቱ መግብታት ከም ፉል፣ ዕንባባ .... ወዘተ | • ደቀቅቲ ነገራት መጻወቲ ኢልካ ዘይምሃብ፣ ክርክብዎ ኣብ ዘይኽእሉ ምግባር |
|  |  | ብኤሌክትሪክ ምሟት ወይ ምትሓዝ | • ሶኬታት፣ መሳርሕታት ዋየራትን፣ ዝተቐጸሉን ዘይምርካብ ፣ መባዝሒ | • እዞም ዝተጠቕሱ ኣብ ከባቢ ህጻናት ዘይምቕማጥ። |
|  |  | ምሕራድ | • ዝሰበሩ፣ በላሕቲ መሳሪሕታት | • ካብ ከባቢ ህጻናት ምርሓቕ፣ ካብ ላዕሊ ናብ ነብሶም ዝወድቕ ነገራዝ ምእላይ። |
|  |  | መኪና | • ምውዳቕ/ እቲ ህጻን ምስ ናይ መኪና መቐመጢ ምስዘይእሰር ይንቅጥቀጥ | • ንዕድመ ዝምጥን፣ ፍቓድ ዘለዎ ናይ መኪና መቐመጢ ምጥቃም፣ ምስ ዳሕረዋይ ናይ መኪና ኮፍ መበሊ ዝገጥም፣<br>• እቲ ህጻን ኣብ መኪና ንበይኑ ኣይትግደፍዎ |
| ኣብ ከባቢ 18 ኣዋርሕ ዕድመ | • ብዘይ ሓገዝ ምካድ፣ ደረጃታት ምድያብ፣ ንድሕሪት ምምላስ<br>• ኣብ ናይ ደረጃታት መደገፊ ተደጊፉ ምውራድን ምድያብን<br>• ኩባያን፣ ማንካን ምጥቃም ምጅማር<br>• ኩሉ ንምጥዓምን ን ምትንካፍን ምህንጣይ | ምውዳቕ | • ደረጃታት፣ ናይ ኣስቤዛ መትሓዚ ዓራብያ፣ ኣቕሑ ገዛ፣ መስኮታት፣ ባልኮኒታት፣ ተደራራቢ ዓራት፣ ሸታሕታሕ ዘብል ምንጻፍ፣ መጻወቲ ቦታ | • መከላኸሊ ማዕጾ ናይ ደረጃታት፣ ናይ ድሕነት መስኮት፣ ኣብ ቅድሚ ባልኮኒ/መስኮት ወንበር ዘይምግባር፣ ሸተት ዘብል ምንጻፍ ዘይምጥቃም ፣ ሓደጋ ዘጉድል ኣቕሑት ሓዝ |
|  |  | ምንዳድ | • ዉዑይ ማይ ቡንባ፣ ፎርኖ፣ ሩሱን ባዴላን/ድስትን፣ መስታረሪ ክዳን፣ዉዑይ ሃፋ ማይ፣ ዉዑያት ፈሰስቲ | • ን መብሰሊ/ፎርኖ መከላኸሊ መሳርሒ ምግዛእ፣መግቢ ክንሰርሕ ከለና እቲ መትሓዚ ንድሕሪት ምጥዋይ፣ ውዕይ ዝኾኑ ምግብታት ካብ ብቐሊሉ ዝርከበሉ ቦታ ክነርሕቖ ኣለና። |
|  |  | ምጥሓል | • መሕጸቢ፣ መሐንበሲ፣ቀላይ፣ ባሕሪ። ወዘተ......... | • ንበይኖም ኣይትግደፍዎም፣ ብዝተኻእለ መጠን ምስ ማይ ኣፋልጥዎም |
|  |  | ሕጽረት ትንፋስ | • ፕላስቲካት | • ክረኽብዎ ኣብ ዘይኽእሉ ምቕማጥ |
|  |  | ናይ ደገ ካብ ዝርከቡ | • ደቀቅቲ ነገራት ኣብ (ኣፍ፣ እዝኒ፣ ኣፍንጫ...) ምእታው | • ደቀቅቲ ነገራት መጻወቲ ኢልካ ዘይምሃብ፣ ኣብ ኢዶም ዝሕዝዎም ነገራት ብቀሊሉ ኣብ ኣፍ ዛኣቱ ክከዉን የብሉን ዕብይ ዝበለ ክከዉን ኣለዎ። |
| 24 ኣዋርሕ ዕድመ | • ነቲ ከባቢ ምርዳእ፣ምስትብሃል<br>• ቀለልቲ ዝኾኑ ሓሳባት ምርዳእ | ዘስክር | • መድሓኒታት፣ ኮስሞቲክስ፣ ናይ ጽርየት መሳርሕታት፣ ፈውሲ ሓሳኹ፣ ፣ መርዛም ነገራት | • ኣብ ቀረባ ኣይተቀምጦ። እንተነኣሰ ክሳብ 1.60 ሜትር ቅመት ዘለዎ ቦታ ኣቀምጦ። |
|  |  | ምንካስ | • ብ ናይ ገዛኻ ወይ ብናይ ካልኦት እንስሳ ዘቤት ምንካስ። | • ንበይኑ ምስ እንስሳት ኣይትሕደጎ፣ ብፍላይ ክምገቡ ከለዉ ከባቢኦም ኣኽብረሎም |
| ከባቢ 3 ዓመት ዕድመ | • ትሬቶታትን መዓጹን ምዕጻውን ምክፋትን<br>• መትሓዝታት ምፍታሕ ከም ሻርኔራ ዝኣመሰሉ<br>• ነኣሽቱ ዑንቁታት ኣብ ፈትሊ ምእታዉ ምኽኣል<br>• ሕቶታት ምሕታት | ብኤሌክትሪክ ምሟት | • ዝተተሓሓዙ ናይ ኤሌክትሪክ መሳርሕታት፣ ዝተቓጸሉ ገመዳት ኤሌትሪክ/ዝተነቕሉ ናይ ኤሌትሪክ ገመዳት | • ገመዳት ናይ ኤለክትሪክ ካብ ሶኬት ምእላይ፣ ኣብ ቀረባ ዘይምቕማ-ት |
|  |  | ምሕራድ | • ተሰበርቲ ወይ በላሕቲ ነገራት ፣ ዓጻዲት ሳዕሪ | • ቆልዑት ካብ ዝረኽብሉ ኣርሕቕ፣ ኣብ ርእሲ ህጻን ክወድቁ ዝክእሉ ኣቕሑ ኣርሕቕ |
|  |  | መኪና | • እቲ ህጻን ኣብ ናይ መኪና መቀመጢ ብግቡእ እንተዘይተኣሲሩ ይወድቕ/ይንገጫገጭ | • ብዕድመ ዝምጥኑን ሊቾንሳ ዘለዎ ናይ መኪና መቐመጢ ምግባር፣ እቲ ህጻን ንበይኑ<br>• ኣብ መኪና ኣይትግደፎ |
| 4 ዓመት ዕድመ | • ን ኩሉ ነገር ንምፍላጥ ኣዝዮም ምህንጣይ<br>• ዓበይቲ ይፈልዩን ንዕኦም ከመስሉ ምፍታን<br>• ኩሉ ነገር ንበይኑ ምግባር ይደሊ | ደጋዊ ወይ ናይ ኣከባቢ ሓደጋታት | • ሊፍት፣ ጋራጅ፣ መንገዲ፣ መጻወቲ ሜዳ፣ መሐምበሲ | • ሓደገኛታት ዝኾኑ ነገራት ክንመክሮምን ክነግሮምን ኣለና<br>• ኣቲ ዝጻወትሉ ከባቢ ወይ መሬት ተሪር ከይኮዉን ከነስተብህለሉ ኣለና ፣ ህጻናት ኣብ ጽርግያ ክጻወቱ ከለዉ ሕብርታት ዘለዎ ክዳን ክገብሩ ተመራጺ እዩ። |
|  |  | ምውዳቕ | • መደያይቦ፣ መስኮት፣ ብራንዳ ወይ ባልኮን፣ ላዕልን ታሕትን ዓራት<br>• ብሽክሌታ | • ደረጃታት ዕጾ፣ መስኮት ድሕንነቶም ሓልዉ፣ ኣብ ቅድሚ ብራንዳ ወይ ባልኮን ወንበር ኣይተቐምጥ፣ ዘየንሸራትት ምንጻፍ፣ ናብ መደያይቦ ምኻድ ምምሃር<br>• ብሽክለታ ኣብ ዝሕዙሉ ግዜ መከላኸሊ ናይ ርእሲ ምጥቃም |
|  |  | ምንዳድ | • ክብሪት፣ ላይተር፣ ሽምዓ፣ ርችት፣ እቶን፣ ብራድ፣መጥበሲ ስጋ | • ካብ 3 ዓመትን ፈረቓን ዕድመ ናይ ዘንዱዱ ኣካላት ክትምህሮምን ክርዱኦምን ከምዘለዎ ክትገብር ኣለካ። |
|  |  | ምጥሓል | • ኣካላት ማይ፣ቀላጽ፣ ባሕሪ ፣ መሐመሲ ገንዳ .........ወዘተ | • ንበይኖም ኣይትግደፎም፣ ብዝተኻእለካ ምሕንባስ ኣምህሮም ከምኡ እዉን ኣብ ገዛና ማይ ዝመልኣ ወይ መሓንበሲ መዕጸዊ ግበረሎም። |
| 5/6 ዓመታት ዕድመ | • ብብዝሒ ኣብ ነብሶም ምዉካል<br>• ናይ ተሸከርካሪ ፍጥነት ኣይተዓቕኑ<br>• ንዓበይቲ ምፍላጥ ከምኡ እውን ንዕዖም ምምሳል | ዘስክር | • ናይ ጽርየት መሳርሕታት፣ መድሓኒታት፣ ኮስሞቲክስ፣ ዓጋም፣ ፋንጋስ፣ ዝተበከሉ ነገራት | • ኣይተንጠልጥል፣ እንተንኣሰ 1.60 ሜትር ንላዕሊ ኣቀምጦ<br>• ንደቅና ስለምንታይ እዞም ነገራት ከም ዘይ ንበልዖም ክነረድኦም ኣለና። |
|  |  | ምንካስ | • ብ ናይ ገዛኻ ወይ ብናይ ካልኦት ሰባት እንስሳ ዘቤት ምንካስ። | • ንበይኑ ምስ እንስሳት ኣይትሕደጎ፣ ብፍላይ ክምገቡ ከለዉ ከባቢኦም ኣኽብረሎም። |
|  |  | ብኤሌክትሪክ ምሟት | • ጸጉሪ መድረቒ፣ መጥበስን፣ ካልኦት ናይ ኤሌክትሪክ መሳርሕታትን | • ኣብ ዝጠልቀየ ክፍሊ ኤለክሪካዊ መሳርሒ ዘይምጥቃም፣ ዉሕስነት ዘለዎም ሶኬታት ምጥቃም፣ ኣብ ዘይንጥቀመሎም ግዜ ድማ ክነልዕሎም ኣለና። |
|  |  | ምቑራጽ | • በላሕ ነገራት፣ ታኒካታት፣ ናይ ኣትክልቲ መቕረጽን መሳርሒ ሕርሻን | • ህጻናት ኣብ ዘይረኽብዎ ምቕማጥ። |
|  |  | መኪና | • ምውዳቕ /እቲ ህጻን ኣብ ምቾው ናይ መኪና መቐመጢ ምስዘይጣበቕ ይንቅጥቀጥ | • ብዕድመ ዝምጥኑን ሊቾንሳ ዘለዎ ናይ መኪና መቐመጢ ምጥቃም፣ እቲ ህጻን ንበይኑ<br>• ኣብ መኪና ኣይትግደፎ። |

•ህጻናት ንበይኖም ክግደፉ የብሎምን
•ጽቡቕ ኣብነት ኩኑ
•ህጻናት ጽቡቅa ባህሪ ክርእዩ ከለዉ ኣድንቆምን ንገሮም

# ማማይ ብፍጹም ክንቕነቕ የብሉን !

እዚ ተግባር’ዚ ጽንኩር ጉድኣት ሓንጎል ከስዕብ ይኽእል፣ ክሳብ
ልምሰት ወይ ውን ሞት ክብጻሕ ይከኣል።
ብምብካይ ማማይኩም ዶ ተረቢሽኩም፧
ኣብ ዓራት ኣደቂስኩሞ ትገድፍዎ ሽዑ እትኣምንዎ ሰብ ወይ ሞያተኛ
ትድውልሉ።

2018

ናይ ሆስፒታል ናይ ህጹጽ ሓደጋ ተሌፎን፧ 144


መደብ ምክልኻል
ሓደጋ ህጻናት

PIPADES

AVASAD - Association vaudoise d’aide et de soins à domicile
CRIPE - Centre de référence des infirmières petite enfance
rte de Chavannes 37
1014 Lausanne
021 623 36 28
info@pipades.ch


Tigrinya

# ዕድመኦም 0 – 5 ዓመት

## ኣብ ዝኾኑ ህጻናት ኣብ ገዛ
## ክበጽሕ ዝኽእል ሓደጋ ምክልኻ

www.pipades.ch